**መጠንቀቕታ !**

**መንነትካ ናይ ምርግጋጽ ዓቕሚ ብዝምልከት።**

**ናብ ቤት ፍርዲ ክትከይድ ከለኻ እዞም ዝስዕቡ ነገራት ከጋጥሙ ይኽእሉ፤**

- ነዚ ቃለ መሕትት ዝተዓደሙ ሰባት

በቶም ወከልቲ ኢትዮጵያ  መንነት ንምርግጋጽ ቃለ መሕትት የካይዱ ።

ክህልዉ ዝኽእሉ ናይ መንነት ምርግጋጽ ጠለባት ከም መርትዖ

ክእለት ቋንቋ፡ ላህጃ፡ ቀበሌ ፡ መልክዕ፡ ባህላዊ ውቓጦ  ወዘተ።

- ከምዚ ዓይነት መስርሕ ፍርዲ ብኸመይ ከም ዝካየድን ኣብኡ እንታይ ይግበርን ብልክዕ ኣይንፈልጥን ኢና። ብዛዕባ ገዛእ ርእስኻ ግን ከም ስምካን ዕድሜኻን ዕለተ ልደትካን ዝኣመሰሉ ሕቶታት ክሕተቱኻ እዮም። ብዛዕባ ውልቃዊ ህይወትካ እውን ሕቶታት ክሓቱኻ ይኽእሉ እዮም፣ ንኣብነት ብዛዕባ ህይወትካ ኣብ ጀርመንን ኣበይን ብኸመይን ትነብር ኣለኻ።

ድሕሪኡ፡ መንነትካ ንተኣረጋጊጾም ተኽእሎታት ኣሎ

· ልኡኽ ኢትዮጵያ ናይ መገሻ ሰነዳት ከውጽኣልኩም/ከዳልው  ፣ እዚ ድማ ብቕጽበት ናብ ሃገርኩም ምስጓግ ከስዕብ ይኽእል።

· ዕላማ ናይቲ ውልቃዊ ቃለ መሕትት፤

ናብ ዓድኻ ክትሰዶ ናይ ሓደ ግዜ ናይ መገሻ ሰነድ ንምቕራብ እዩ። ይኹን እምበር ንጉጅለ ቃለ መሕትት ሃገራዊ ፓስፖርት ክትሓትት ኣይትኽእልን ኢኻ።

**ንቃለ መሕትት እንተዘይተረኺብኩም እዚ ዝስዕብ ክኸውን ይኽእል እዩ።**

· እቲ መስርሕ ፍርዲ ዝካየድ ኣብቲ ዝተመደበልካ መስርሕ ፍርዲ ክትሳተፍ ከም ዘይትኽእል ናይ ሕክምና ምስክር ወረቐት ምስ ዝህልወካ ጥራይ እዩ።

- ብዘይ ግቡእ ምኽንያት፡ ኣብ ስራሕ ኣለኹ እናበልካ ምስ ተጸዋዕካ እንተዘይቀሪብካ፡ ብገበን ክትኽሰስ ትኽእል ኢኻ።

·ኣብ ዝተጸዋዕካሉ ዕለት እንተዘይቀሪብካ ብፖሊስ ብሓይሊ ናብ ዝቕጽል ቤት ፍርዲ ክትውሰድ ትኽእል ኢኻ።

· ፍቓድ ስራሕካ ብመሰረት ሕጊ ዱልዱንግ ዓንቀጽ 60ለ ክስረዝ ይኽእል።

- ንናይ ቤት ፍርዲ መስርሕ ጻውዒት እንተመጺኡካ፡ ምስ ጠበቓኻ ተራኸብ ወይ ድማ ብቕልጡፍ ናብ ማእከል ምኽሪ ኪድ።

ኣብቲ መስርሕ ፍርዲ እንተተሰቲፍካ፡ ብዛዕባ እቲ መስርሕ ፍርዲ ንኻልኦት ሰባት ንገሮም። ንዓና እውን ርኸቡና። ምኽንያቱ በዚ መንገዲ ንኻልኦት ሰባት ክንሕብርን ከነረድኦምን ንኽእል ኢና።

**መርከቢ**


Bayerischer Flüchtlingsrat

München: 089 76 22 34

Nürnberg: 0911 – 99 44 59 46

kontakt@fluechtlingsrat-bayern.de